# ኣትኩሮ ክግበረሉ ዘለዎ እዋናዊ ጉዳይ

ኣብ ሃገርና ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ዝኸፍአ ደረጃ ከም ዝርከብ ንማንም ስዉር ኣይኮነን።
ሎሚ ኣብ ሃገርና፦

- ዜጋታት ማሕበራዊ ፍትሒ ዝረኽብሉን ካብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ናይ ሃገር ብማዕረ ዝርብሕሉን ሃዋህው የለን፣
- ዝኾነ ዜጋ ንዝኽተሎ ሃይማኖት ብውልቁ ይኹን ብሓባር ነጻ ኮይኑ ናይ ምእማንን ናይ ምስባኽን መሰል የብሉን። ስለዚ ሃይማኖታዊ ናጽነትን ናይ እምነት ሓርነትን የለን፣
- ዜጋታት ብማዕረ ፍርዳዊ ውሳኔ ዝረኽብሉ ነጻ ቤት ፍርዲ የለን። ዜጋታት ብዘይ ፍርዲ ተወንጂሎም እዮም ዝእሰሩ ዘለዉ፣
- ዝኾነ ዜጋ ኣብ ሃገሩ ነጻ ኮይኑ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምንቅስቓስ ይኹን ካብ ሃገር ወጻኢ ናይ ምጋሽ፣ ስለዚ ኸኣ ፓስፖርት ናይ ምርካብ መሰል የብሉን፣
- ዝመሰለካ ርእይቶ ናይ ምሓዝን ሓሳባትካ ብነጻ ናይ ምግላጽን መሰል የለን፣
- ዜጋታት ሰላም ረኺቦም ከም ዓቕሞም ሰሪሖም ዝበልዕሉ ዕድል የለን... ወዘተ

እዚ ግህሰታት እዚ ምስቲ ስርዓት ህግደፍ፣ ብቁጠባ �ዅዓብን ኣብ ኮረቻ ስልጣን ኰኸጸንሕን ዓሊሙ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ዘውርዶ ዘሎ ከቢድ ፖለቲካዊ ዓፈናን፣ ጉልበታውን ምጣነ-ሃብታውን ምዝመዛን ተደማሚሩ፣ ንህዝብና ኣብ ክወጾ ዘይክእል ሽግር ሸሚሙዎ ይርከብ ኣሎ። ብርግጽ ድማ ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብህግደፍ ብሰንኪ ዝወርዶ ዘሎ በደላት፣ ሰላም ስኢኑ ኣብ ቀጻሊ ህውከትን ዕግርግርን ክነብር፣ ብቐጠባዊ ድኽነትን ስእነት መግብን ክሳቐ፣ ክሳብ'ውን ሃገሩ ገዲፉ ፈቐዶ ስደትን በረኻን ክንከራተት'ዩ ዝረአ ዘሎ። ካብ ህግደፋዊ ግፍዕን ዘየቋርጽ ነጻ ጉልበታዊ ምዝመዛን ኣምሊጦም ናብ ስደት ዘምርሑ ዘለዉ ዜጋታት ከመይ ዝበለ ሽግርን መከራን የጋጥሞም ኣሎ፣ እቲ ብቐጻሊ እንዕዘቦ ዘለና'ዩ። እዚ ጸገማት'ዚ ቅልጡፍ ነባሪ ፍታሕ እንተዘይረኺቡ፣ ካብዚ ዘለዎ ንላዕሊ ብኢሱ ንኣተሃላልዋ ኤርትራዊ ሕ/ሰብ ከይብትንን ወለዶ ከየብርስን ዓቢ ስግኣት ዝፈጥር'ዩ። ብካልእ ኣዘራርባ፣ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘየላቡ /ቅልጡፍ ፍታሕ ዝደሊ/ ደበና ጥፍኣት'ዩ ኣንጠልጢሉ ዘሎ። እዚ ድነ ጥፍኣት'ዚ ቀልጢፉ እንተዘይተቐንጢጡ ድማ ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ። እዚ ጸገማት'ዚ ካብዚ ዘለዎ ንላዕሊ ከቢድ ሓደጋ ከየስዓበ እንከሎ ክውገድ ከም ዘለዎ ኩሉ ዝሰማማዓሉ እኳ እንተኾነ፣ ብኸመይ ይፈታሕ፣ መን'ከ ይፍታሓዮ ኣብ ዝብል ግን ብዙሕ ነጥብታት ክለዓል ይስማዕ'ዩ። ስለዚ ካብዚ ብምብጋስ ጸገማትና ከመይ ይፈታሕ፣ መን'ከ ይፍታሓዮ ዝብሉ ነጥብታት ኣልዓ ልና ክንርኢ ኢና።

<u>ጸገማትና ከመይ ይፈታሕ</u>፦ እዚ ሎሚ ህዝቢ በታቲኑ፣ ወለዶ ኣብሪሱ ክዓርብ ዝጓየ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ፣ ጸገም ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ከም ዝኾነ ዘካትዕ ኣይኮነን። ነቶም ሓደ-ክልተ ረብሓኦምን ሃላዌኦምን ምስቲ ስርዓት ዝረጋገጽ ገዲፍካ ማለት'ዩ። ስለዚ እዚ ስርዓት'ዚ ተኣልዩ፣ ኣብ ሃገርና ሰላም ክሰፍንን ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ክትከልን ዘይደሊ ኤርትራዊ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። እዚ፣ እቲ ኩሉ ኤርትራዊ ዝደልዮን ዝምነዮን ዘሎ ሓቂ እዩ። እዚ ድልየት'ዚ ግን ምስ ክውንነት ክዛመድ እንተዘይክኢሉ፣ ድልየት ካብ ምዃን ሓሊፉ ዘምጽኦ ፋይዳ የልቦን። ስለዚ፣ ነዚ ናይ ሓባር ድልየት'ዚ ብናይ ሓባር ቃልሲ ምዕዋት መተካእታ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ። እወ! እቲ ስርዓት ህግደፍ ተኣልዩ፣ ኣብ ኤርትራ ሰላም ሰፊኑ ኩሉ ዜጋ ብማዕረ ዝጥመተላ፣ ከም ዓቕሙ ሰሪሑ ዝበልዓላ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ናይ ምህናጽ ድልየት፣ ሓባራዊ ቃልሲ ናይቶም እዚ ኩሉ ተሓሪሙዎም ዝዋረዱን ዝስደዱን ዘለዉ ኤርትራውያን ይሓትት። ምስ'ዚ ተታሓሒዙ ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕ እንታይ ዓይነት ቃልሲ ምጥቃም'ዩ መድረኻዊ ዝብል ሕቶ ክለዓል ግድን'ዩ። ነዚ ሕቶ'ዚ፣ ንሓቀኛ ባህርን ዕ ላማን ከምኡ'ውን ኣካይዳ ናይ ስርዓት ህግደፍ ብምምዛን'ዩ ግቡእ መልሲ ክወሃብ ዘለዎ።

ስርዓት ህግደፍ፣ ካብ ናቱ ዝተፈልየ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ምሓዝ፣ ስለዚ ድማ ንፖለቲካዊ ኣረኣእያኻ ብሕጋዊ ሰላማዊ መንገዲ ናብ ህዝቢ ከተስርጽ ምቅላስ ዘየፍቅድ ስርዓት ምዃኑ 13 ዓመት መመላእታ ተራእዩ እዩ። እቲ ስርዓት፣ ኣብ ጽባሕ ናጽነት ሃገርና ብተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፣ "ኹሉ ሃገራዊ፣ ማለት ንህ.ግ ሓዊስካ ኹለን ውድባት ኤርትራ፣ ዓበይቲ

ዓዲ፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣገደስቲ ምሁራንን ውልቀ-ሰባትን ዘካተተ ሓባራዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ንኽምስረት” ንዝቐረበሉ ሕቶ ድሕሪ ምንጻጉ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ውድባትን ኣባላተንን ናይ ሃድን ተግባራት ከካይድ ከም ዝጸንሐ'ዩ ዝፍለጥ። ህ.ግ ዝተፈላለያ ፖለቲካዊ ውድባት ነጻ ኮይነን ዝወዳደራሉ ሰላማዊ መድረኽ ከም ዘይቅበል ንምርግጋጽ “ካብ ሕጂ ንደሓር ብዛዕባ ውድባት ኣልዒልና ሓሸውየ ክንብል ኣይንደልን ኢና፣ ኩሎም ብስም ውድብ ተጋግዮም ዝጸንሑ፡ ውድቦም ፈንጢሖም ይእተዉ፣ ካብ ሎሚ ንደሓር ብዛዕባ ውድብ ኣልዓ ልካ ምዝራብ ገበን'ዩ” ክብል ብእዉጅ ምግላጹ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ብተግባር ድማ ክሰርሓሉ ጸኒሑ እዩ። ስለዚ ኣብ ሃገርና ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣይፍቀድን'ዩ። ብቐንዱ'ውን ዝመሰለካ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ሒዝካ ርእይቶኻ ነጻ ኮንካ ትገልጸሉ መድረኽ እንተዝህሉ ነይሩ፡ እዚ ሎሚ ንርእዮ ዘለና ስደት ኣምበይምሰዓበን ነይሩ፣ ማሕበራዊ ሕቶ ዘልዓሉ ዜጋታት ኣምበይምተኣስሩን ነይሮም፣ ብጉጅለ 15 ዝፍለጡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ነበርን ጋዜጠኛታትን ካልኦትን ተቓውሞኦም ብሰላማዊ መንገዲ ስለዝገለጹ ጥራሕ ብገበን ተወንጂሎም ኣምበይምተኣስሩን ነይሮም። እዚ ኩሉ ስለዘየለ ግን እቲ ናይ ምእሳርን ናብ ስደት ናይ ምምራሕን ተርእዮ ክኽሰት ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ሃገርና ርእይቶኻ ብነጻ ትገልጸሉ ዕድል ክሳብ ዘይሃለወ፡ ህልዊ ጸገማት ንምፍታሕ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምኽታል ኣይከኣልን'ዩ። ስለዚ እቲ ኣማራጺ፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ማእከል ዝገበረ ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ኣቀላልሳ ምኽታል'ዩ። እዚ፡ እቲ ሓፈሻዊ ኣምር ኮይኑ፡ ነዚ ብዝግባእ ተረዲኡን ኣሚኑን ኣብ ሃገርና ዘሎ ጸገማት ተወጊዱ ነባሪ ፍታሕ ንምርግጋጽ ብንቕሓትን ተወፋይነትን ዝቃለስ ዘሎ ክፋል ናይ ሕ/ሰብ፡ ብፍላይ መንእሰይ ወለዶ ከምቲ ዝድለ /ከምቲ ትጽቢት ዝግበረሉ/ ድዩ እንተኢልና ግን ኣይኮነን እዩ መልሱ። እሞ እዚ ካብ ኮነ፡ እቲ ኩሉ ዝደልዮን ብሃንቀውታ ዝጽበዮን ዘሎ ፍታሕ ደኣ ብኸመይ እዩ ክረጋገጽ? መን'ከ እዩ ንጸገማት ኤርትራን ህዝባን ከም ጸገሙ ጠሚቲ ነባሪ ፍታሕ ከምጽኣሉ? ማሕበረ-ሰብ ዓለም? ሓያላን መንግስታት? ጎረባብትና ወይ ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት? መን? በብሓደ እስከ ንርኣዮም።

1. ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡- ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጸገማት ኣመልኪትካ ናብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ጻውዒት ምቕራብ ዳርጋ ልሙድ እዩ። ማሕበረ-ሰብ ዓለም ግን መሰረታዊ ጸገማትና ክፈትሓልና ካብ ዘሎና ጥሙሕ /ባህጊ/ ዲና ከምኡ ንገብር? ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ናይ ጸቕጥን ኩናኔን ኣገደስቲ ውሳኔታት ከመሓላልፍ ይኽእል'ዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን መሰረታዊ ጸገማትና ክፈትሕ ኣይክእልን'ዩ። ብዛዕባ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝምልከት ብፍላይ ንዓና ንኤርትራውያን ግሩም ተመኩሮ እዩ ዘሎና። ማሕበረ-ሰብ ዓለም ጸገም ውጹዓት ንምፍታሕ ድልየትን ቅንዕናን ነይርዎ እንተዝኸውን፡ ነቲ ኤርትራውያን ወለድና ንኣስታት 20 ዓመታት ብሰላማዊ መንገዲ ዝተቓለስሉ ፍትሓዊ ሕቶ ናጽነት ኤርትራ ቅኑዕ መልሲ ብምሃብ መዓልቦ ምገበረሉ ነይሩ። እቲ ኩሉ ኣብ ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ ዝጠፍአ ሂወትን ንብረትን ኤርትራውያን ድማ ኣምበይምጠፍኣን ነይሩ። ሃገርና ድማ ክሳብ ክንድ'ዚ ሎሚ ዘላቶ ኣምበይምደሓረትን ምደኸየትን ነይራ። ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ሕቶ ውጹዓት ተረዲኡ ነባሪ ፍታሕ ንምምጻእ ድልየት ነይርዎ እንተዝኸውን፡ ጸገም ውጹዕ ህዝቢ ፍልስጤም ምፈትሐ፣ ኣብ ዒራቕ ዘሎ ህውከትን መከራን ደው ክብል ምገበረ፣ ግን ማሕበረ-ሰብ ዓለም ጻውዒት ካብ ምቕራብን ቅሬታ ካብ ምስማዕን ሓሊፉ ዝገብሮ ነገር የብሉን። ኣረ እናረኣየ ከም ዘይረኣየ፣ እናሰምዐ ከም ዘይሰምዐ ዘስቅጠሉ ግዜ'ውን መሊኡ እዩ። እዚ ማለት ግን ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዘቕርቦ ጻውዒትን ዘስምዖ ቅሬታን፡ ኣበሳታት ናይ ሓደ ጨቋኒ ሓይሊ ኣብ ምቅላዕ ግደ የብሉን ማለት ኣይኮነን። እቲ ጉዳይ፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ነባሪ ፍታሕ ከምጽእ ኣይክእልን'ዩ ጥራሕ'ዩ ዝበሃል ዘሎ። ስለዚ መሰረታዊ ጸገማትና ኣብ ምፍታሕ ይኹን ኣብ ሃገርና ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ብምንም ተኣምር ማሕበረ-ሰብ ዓለም ወሳኒ ግደ ክህልዎ ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ልዕሊኡ ከምዚ ዝበለ ትጽቢት ዝጸንሖ እንተሃልዩ ድማ፡ ካብ ብሕጂኡ ኣትሒዙ ብዝግባእ ተረዲኡ ካብ ኣእምርኡ ክሓኮ'ዩ ዘለዎ።
2. ሓያላን መንግስታት፡- ናይ ዓለምና ሓያላን መንግስታት ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ዘገድሰን ረብሓአን ጥራሕ'ዩ። ኩሉ ንጥፈታተን ድማ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስ'ዚ ረብሓ'ዚ ዝተኣሳሰር'ዩ። ናይ ዓለምና ሓያላን መንግስታት ረብሓአን ዘረጋግጽ ጥራሕ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር እንታይ ዓይነት መንግስትን ፖለቲኮ-ማሕበራዊ ኩነታትን ኣሎ ዘገድሰን ኣይኮነን። ከም ኣብነት ኣብ ዒራቕ ዘሎ ኩነታት ምዕዛብ እኹል'ዩ። ካብዚ

ብምብጋስ ናይ ዓለምና ሓያላን መንግስታት ኣብ ሃገርና ዘሎ ጸገማት ፈቲሐን ሰላምን ዲሞክራስን ከስፍናልና ምጽባይ ዕሽነት ጥራሕ እዩ። ምኽንያቱ ብሽፋን ምውዳቕ ዲክታተርነትን ምንጋስ ማሕበራዊ ፍትሕን ብዙሕ ህልቂትን ዕንወትን ስለዝረኣናን ዝተዓዘብናን።

3. ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት፥- ኣብ ዞናና ብሓፈሻ ኣብ ጎረባብትና ድማ ብፍላይ ዘለዋ ሃገራት ዋላ'ኳ ኣብ ሃገርና ዘሎ ፖለቲካዊ ዓፈናን ቁጠባዊ ምዝመዛን ንሱ ዝወለዶ ህውከትን ብኣሉታ ዝጸልወን እንተኾነ፥ ንጉዳይ ሃገርና ልዕሌና ክሓማሉ፥ ስለዚ ድማ ክፈትሓልና ምጽባይ ግን ለዋህነት ጥራሕ'ዩ። ኣብ ዓለም ጸገም ጎረቤታ ዝፈትሐት ሃገር'ውን ስለዘይረአናን ዘይሰማዕናን።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣካላት፥ ማለት ማሕበረ-ሰብ ዓለም፣ ሓያላን መንግስታትን ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራትን ንሕና ብኸፍና ጸገማትና ፈቲሖም ሰላም ከንግሱልና ኣይክእሉን እዮም፥ ክንጽበዮም እውን የብልናን። ቀደሙ'ውን ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ይኹን ንካልእ ተጸቢና ኢድናን እግርናን ኣጣሚርና እንተንኸውን ሃገራዊ ነጻነትና ክውን ኣይምኾነን ነይሩ። ስለዚ ፈታሕቲ ጸገምና ባዕልናን ባዕልናን ጥራሕ ኢና ክንከውን እንኽእል። ኣብቲ ጸገምና ንምፍታሕ እነካይዶ ቃልሲ፥ ንክብርን ልዑላውነትን ናይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕ ዳጋ ዘየእቱ፥ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓን ምክብባርን ዝተሰረተ ደገፉት ክግበረልና ከም ዝኽእል ግን ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ምስ ገለ ካብ ጎረባብትና ሃገራት እንገብሮ ርክባትን ምትሕግጋዛትን እውን ካብዚ ዝብገስ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ሃገርና ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ዝኾነ መድረኽ ትርከበሉ ዘላ ግዜ፥ ንኩነታት ሃገርና ብዝግባእ መርሚርና ባዕልና ነባሪ ፍታሕ ከነምጽእ ምቅላስ መተካእታ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ። ሎሚ ምስቲ ሃገርና ተንጠልጢላትሉ ዘላ ሂወት፥ ጉዳይ ሃገር ቀዳምነት ሂብካ ዘይምውሳእ እንተደኣ ሃልዩ፥ ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ። እቲ ቁም-ነገር ብዛዕባ ውልቐኻ ጥራሕ ምሕሳብ ኣይኮነን፥ ብዛዕባ ህዝብኻን ሃገርካን'ምበር። ብግደ ሓቂ ድማ ክብረት፥ ህዝብኻን ሃገርካን ሒዝካ እዩ።

ኣብ መወዳእታ፥ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክወድቕ ይኽእል'ዩ። ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ነቲ ዝፍጠር ናይ ስልጣን ባዶነት ዝዓብስ ስጥመት ዘለዎ ዝተወደበ ፖለቲካዊ ሓይሊ እንተዘይሃልዩ ግን፥ ኩሉ ግዜ ሓደጋ እዩ። ስለዚ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ነዚ ብትኹረት ጠሚተን፥ እተን ናይ ዕላማ ፍልልይ ዘይብለን ሓደ ክኾና፣ እተን ብዕላማ ዝፈላለያ ድማ ፍልልያተን ብዝግባእ እናመሓደራ ሓቢረን ክሰርሓ ወትሩ ሓያል ጻዕሪ ክግበር ተደላዪ እዩ። ምኽንያቱ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ኩነታት ኤርትራ ከመይ ክተሓዝ ከም ዘለዎ ካብ ብሕጂ እንተዘይተሓሲቡሉን ንትግባረኡ እንተዘይተሰሪሑን፥ በይኑ ህግደፍ ክወድቕ ኣለዎ ምባል ጥራሕ እኹል ኣይኮነን። ኣብ ዒራቕ ብሳዳም ዝምራሕ በዓስ ፓርቲ ወዲቑ፥ ህዝቢ ዓ ራቕ ግን ንካልኢት'ውን ትኹን ሰላም ኣይረኸበን ዘሎ። ከምኡ'ውን ህዝቢ ሶማል፥ ስያድ ባረ ወዲቑ፥ ህዝቢ ሶማል ግን ሰላም ረኺቡ ዝሓደረላ መዓልቲ የላን። ዋላ'ኳ ሕጂ ተስፋ ዝህብ ኩነታት ይረአ እንተሃለወ። ስለዚ ሃገርና ኤርትራ ከምዚ ዝበለ ሓደጋታት ከየጋጥማ ምእንቲ ንነገራት ብንቕሓት ጠሚትና ብስጥመት ምሓዞም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ግን፥ ጸገማትና ባዕልናን ባዕልናን ጥራሕ ክንፈትሖም ከም ዘለና ኣሚንና ክንቃለስ ይግባእ። ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ፥ ነዚ ብዝግባእ ተገንዚቡ ሓላፍነቱ ክዋጻእ ድማ ዝለዓለ እጃም ኣለዎ።

ኣባዲ ተኽለ